


# ብሰላሕታ ናብ ሳሕል ምዝላቕ
# ኢሳያሳዊ ኢ-ስነ-ሞጎት

ኵናት ኣይበልየሉ ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፣ ብጸላመ ለይትታት ተሓቢኡ ናብ ሳሕል ብስዉር ይምለስ ከምዘሎ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ክረጋገጽ ተኻኢሉ ኣሎ።

ዖማል ዳት ኦርግ ( http://www.omaal.org/ ) ዝተሰየመ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፣ ሓድጊ፣ ወብሳይት ኣብ ዝሓለፈ ሒደት መዓልታት ከምዝገለጾ፣ ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፣ ኣብታ ብለይቲ ኣብ ጎደናታት ነጻ ምንቅስቓስ ሕሩም ዝኾነት ከተማ ከረን ካብ ሰለስተ ሰዓት ንላዕሊ ዝኸውን ህዝባዊ ኣገልግሎት ናይ ኤለትሪክ ከምዝጠፍእ ድሕሪ ምግባር፣ ኣብ ከውሊ ለይቲ ካብ የዒንቲ ህዝቢ ከረን ዝሓብእ ጸላም ተጎልቢቦም፣ ኮለኛ ድሕሪ ኮለኛ መወድእታ ዘይብለን ጽዑናት መኻይን ደርዲሮም፣ ኣጽዋራትን ዕጥቅን ስንቅን ናብ ሳሕል ገጾም ከምዝጓረቱ ተሓቢሩና ኣሎ።  እዚ ተረኺቦን ካልኣት ካብቲ ከባቢ ዝተረኸቡ ሓበሬታታትን ዘረጋግጽዎ ሓደ ነገር ኣሎ። ንሱ ኸኣ ስርዓት ኢሳያስ ብሰላሕታ ናብ ሳሕል ይምለስ ምህላዉ ኢዩ።

## ዝስዕብ መደብ ስርዓት ኢሳያስ ከ እንታይ ኢዩ?

እዚ ተረኺቦ ሓደ መሰረታዊ ወድዓዊ ተርእዮ ኣብ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ኩነታት ኤርትራ ኢዩ።  እዚ ብሕብኣት ናብ ሳሕል ገጹ ዝተንቀሳቐሰ ግዙፍ ወተሃደራዊ ኮለኛ ጉዱን ሳዕቤናቱን እንታይ ምዃኑ፣ ንማንም ዜጋ ቦጣዕጣዕ ኢሉ ክበርሃሉ ዘለዎ ወተሃደራዊ ፍጻሜ ኢዩ።

## ዝስዕብ መደብ ስርዓት ኢሳያስ።

ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ነቲ ኣንጻር ሃገራት ሱዳን፣ ኢትዮጵያ፣ ሶማሊያ ዘሳውሮ ዘሎ ቀጻሊ ወተሃደራዊ ኢሳካለሽናት ግቡእን ኣድላይን ምልሻ ዝኾነ ጸረ ኢስካለሽናዊ መልሰ

ዓጸፌታ ንምሃብ ዝተሓባበረ ቀላጽም ናይ ኢትዮጵያውያንን ኤርትራውያንን ኣብ ዝለዓለሉ ግዜ ክጥቀመሉ ዝውጥኖ ዘሎ ወተሃደራዊ ቅዲ ስትራተጂ ኢዩ።

ሕጂ ብጸላም ብሰላሕታ ዝፍጸም ዘሎ ጽባሕ ግን ብዕሊ ዝገሃድ ውጥን ስርዓት ኢሳያስ፡ ናብ ሳሕል ምዝላቕ ጌርና፡ ኣብ ዝመረጽናዮ ግዜን ቦታን ነቲ ብጸላኢትና ኣሜሪካ ዝንቀሳቐስ ወያነ ክንምክቶ ኢና፡ ዝብል ውጥን ከም ምዃኑ ማንም ዜጋ ይኹን ሕኑን ተቓዋሚ ክጠራጠረሉ ዘይግብኦ ፍጻሜ ኢዩ። ስርዓት ኢሳያስ ንጽባሕ ንግሆ ካብ ሕጂ ዝዳለውሉ ዘሎ ሓደን ናይ መወዳእታን ወተሃደራዊ ውጥን ድማ ንሱ ምዃኑ የዐሪና ክንግንዘብ ይግባእ። ከምቲ ብዙሕት ገርሀኛታት ዜጋታትና፡ ነዚ ሕጂ ብግኑን ዘንጸባርቕ ዘሎ ኣንፈታት ናይ ወተሃደራዊ ኩነታት ኣብ ግምት ኣእቲዮም ንናይ መወዳእታ ህሞታት ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝምልከት ክስእልዎ ዝጸንሑ ነናይ ባዕሎም ሰናርዮታት፡ ንኣብነት ኢሳያስ ካብ ምጽዋዕ ብክሩዘር ናብ የመን ወይ ብጀት ናብ ሊብያ ምህዳም፡ እዚ ናይ ሕጂ ውጥን ዝሳነ ከምዘይኮነ ብዕዘት የመልክተልኩም።

ኮይኑ ግን፡ እዚ ሓድሽ ሳሕላዊ ወተሃደራዊ ውጥን ውልቀ መላኺ ፊን ከም ዝበሎ ኣብ ተግባር ውዒሉ ንዕኡ ኣዎንታዊ ውጽኢት ክህቦ ከምዘይኮነ ክንግንዘብ ይግባእ። ምኽንያቱ ወልቀ መላኺ ፊን ዝበሎ ክሓስብ ወይ ክገብር ዓቕሚ ኣለዎ። ናብ ዘበለ እንተበለ ግን ንሕግታት መጎት ክሰብር ኣይክእልን ኢዩ። ኢሳያስ፡ ወዲ ትሽዓተ ወርሒ ምዃኑ ኩልና ኣይንረስዕ። ንሕግታት ሞጎት ዝሰብር ወዲ ትሽዓተ ወርሒ ከኣ ከቶ የልቦን። ሕግታት ሞጎት ክብል ኮለኹ ከኣ እንታይ ማለት ኢዩ?

## <u>ወተሃደራዊ ኢ-ስነ-ሞጎት</u>

እዚ ሳሕላዊ ወተሃደራዊ ውጥን፡ ኢሳያስ በይኑ ኣብ ሕልሙ ወይ ኣብ ዊንትኡ ዝርኣዮ ዘሎ ውጥን፡ እዋናዊ ጸቕጥታት ዘንቀሎ ንሳሕል ዘብል ምቁር ስምዒታት ናይ ኢሳያስ ጥራይ ኢዩ። ኣብ ግብሪ ተተርጒሙ ንኢሳያስ ዓወታት ከምጻኣሉ ዝኽእል ወይ ነቲ ንስርዓቱ ካብ ውድቀት ከድሕኖ ዝኽእል ወድዓዊ ውጥን ኣይኮነን። ህልም ዝበለ ጸረ ህዝቢ ዝኾነ ውልቀ መላኺ ኢስያስ ተገምጢሉ ብሕጂ ንሳሕል ተመሊሱ ከም ናይ ትማሊ ሓራ መውጽኢ ደግለል ክኸውን ምሕሳብ ኢ-ስነ-ሞጎት ኢዩ። ኢሳያስ ብዝምልከት ጉዳይ ብድሕሪ ሕጂ፡ ኣብ ኮረሻ ይሃሉ ወይ ካብ ኮረሻ ይከምበል ንዕኡ ብልቢ ዝስዕቦ ህዝቢ የለቦን።

ከምቲ ኣብ 70ትትን 80ታትን ክሳብ ግዜ ነጻነት ነጊሱ ዝነበረ፡ “ወዲኣፎም በዓል ስረ” ዘበለ ህቡባዊ ምስሊ ኢሳያስ እንደገና ኣብ ምድሪ ኤርትራ ተመሊሹ ክነግስ ኢዩ ኢልካ ምሕሳብ ዘይከኣል ኢዩ። ከም ምጭላጥ ዋንጫታት ስዋ፡ ታሪኽ ብዊንታት ሓደ ሰብ እሞ ኸኣ ዝወጸሉ መላኺ፡ ተመሊሱ ባዕሉ ክደግም ከምዘይኮነ ድማ የዐሪና ክንፈልጥ ይግባእ። ድሌት ኢሳያስ ነብሱ ዝኸኣለ ሕጊ ኢዩ። ሕጊ መጎት ከኣ ነብሱ ዝኻኣለ ክልእ ሕጊ ኢዩ። ድሌት ኢሳያስ ኢ-ስነ-ሞጎታዊ ሓሳብ ኢዩ። ሕጊ መጎት ግን ማንም ሰብ ዋላ እቲ ዝሓየለ መላኺ፡ ከፍርሶ ዘይክእል ቅኑዕን ዘይዕጸፍን ሕጊ ኢዩ።

## ቁጽሪ 1. ኢ-ስነ-ሞጎት ኢሳያስ

ሳሕል ዓበይቲ ታሪኻት ዘለዎ ስፍራ ኢዩ። ንሳሕል ታሪኻዊ ሳሕል ከብሎ ዝኸኣለ ረቛሒ፣ ኣቀማምጣ መሬት ናይ ሳሕል ኢዩ። ንሱ ድማ ኝኽትከላኸለሎም ኮነ ኝኽትሕባኣሎም ምቹኣት ዝኾኑ ብዙሓት ዓበይቲ ኣኽራናት ብምህላዎም ኢዩ። ነቲ ደርግ ኣብ 1983 ዘካይዶ፣ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ (6ዱሻይ ወራር) ዝተሰምየ ንሰውራ ኤርትራ ንሓንሳብን ንመወዳእታን ንምድምሳስ ዘካየዶ ግዙፍ ወተሃደራዊ ወፍሪ ኣመልኪቱ፣ ኢትዮጵያዊ ደራሳይ ኣቶ ብኣሉ ግርማ ኣብቲ ዘደረሶ ኦሮማይ ዝብል መጽሓፉ፣ እቲ ግዙፍ ወፍሪ ናይ ደርግ ዘይምዕዋቱ፣ “ዓርሞሸሻውያን ኣኽራንት ናይ ሳሕል ስለዝዘረዩና ኢዮም”፣ ቢሉ ነቲ ዝወረዶም ስዕረት ጠንቁ ባህርይ ጥራይ ከምዝነበረ ብድምቀት ኣስሚሩ ስነ ጽሑፉ ደምደመ።



ጽርግያ ብድሆ፣ ናይ ሜዳ ሩት 66 ኢሳያስ ሰንሰለታዊ መጎታዊ ረቛሒታቱ ድሕሪ ምብታኽ ክምለሶ ወጢንዎ ዘሎ ታሪኻዊ ስፍራ ሳሕል

ብፍላጥስ ብዘይፍላጥስ፣ ኣቶ ብኣሉ ዘየስተባሃለሎም ሓያሎ ጉዳት ግን ኔሮም ኢዮም። ኣኽራናት ሳሕል በይኖም ኣይኮኑን ተኣምራት ዝሰርሑ ዝነበሩ። 1. ኣኽራናት ሳሕል 2. ብርቱዕ ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒታት 3. ሃንቀውታ ናይ ኤርትራውያን ንሽዑ ግዜ ዘይተራእየት ነጻነት 4. ንተጋደልቲ ዝወሃቡ ዝነበሩ ዝተፈላለዩ ማርክሳዊ ፖለቲካታትን ኡስጦብያዊ ሓሸሻትን 5. ምህላው ስትራተጂካዊ ምሕዝነት ምስ ህዝባዊ ወያነ 6. ምህላው ዱልዱላት ጽርግያታትን መስኖታት ርክብን ምስ ሱዳን ኩሎም እዞም ነጥብታት ሓደ ምስቲ ሓደ ተኣሳሲሮም ኢዮም ንሳሕል ታሪካዊ ሳሕል፣ ንህዝባዊ ግንባር ድማ ኣብዚ ታሪኻዊ ስፍራ ዝሰፈረ ዘይሰዓር ሰውራ ክኸውን ዝገበሩ ሰንሰለታዊ መጎታዊ ረቛሒታት።

እሞ ድኣ ኣይተ ኢሳያስ፣ ሕጂ ሃገራዊ ስምዒት እንተኾነ ኣልቦ፣ ዝተራእየት ነጻነት እንተኾነ ኣብሐ፣ ተቐባልነት ማርክስነት እንተኾነ ከም ሓወልትታት ለኒን ኣብ ሩስያ ቀድም ፈርከሽከሽ ዝበለሉ፣ ሽጣራታት ኡስጦብያዊ ሓሸሻት እንተኾነ ወዲ ኣዳም ቀድም ዝጎርሓሉ፣ ኢሳያስ ክሳብ ሕጂ ንመንግስቲ ንሱዳን ከውድቕ ሓንሳብ ኤስፒኤልኣ፣ ሓንሳብ ተቓወምቲ ዳርፉር ሱዳን፣ ካልእ ግዜ ተቓወምቲ ምብራቕ ሱዳን እናበለ ኣበርቲዑ ዝጸዓረ መራሒ፣ ምስ ሱዳን ዘራኽቡ ዝነበሩ ዱልዱላት ጽርግያታትን መስኖታት ርክብን ኣብ ዝዓጸወሉ ወቕትታት ኢዩ፣ ኢሳያስ እቲ ሕልምታት ደርሆ ንበይኑ ዝሓልሞ ዘሎ። ተኣምራታት ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰንሰለታዊ መጎታዊ ረቛሒታት ናይ ሳሕል ሎሚ ፈጺሞም የለዉን። ኢሳያስ ከም ብኣሉ ግርማ ኣቀማምጣ መሬት ጥራይ ንበይኑ ተኣምራት ክሰርሕ ምጽባዩ ኢ-ስነ-ሞጎት ኢሳያስ ኢዩ። ሳሕል ድማ ንበይና ንወልቀ መላኺ ተኣምር ክትሰርሓሉ ከምዘይኮነት ንሱ ኮነ ንሕና የዐሪና ክንግንዘብ ይግባእ።

## ቁጽሪ 2. ኢ-ስነ-ሞጎት ኢሳያስ

እዛ ንነብረላ ዓለም ንሕና ደቂ ኣዳም ክንቅይሮ ዘይኽእል ናይ ባዕላ ዝተፈላለዩ ቀየድቲ ሕግታት ወይ ስነ ሞጎታት ኣለውዋ። ሓደ ካብዞም ሕግታት፡ ሞጎታዊ ምዕ ባሌታት ናይ ኣፈጣጥራ ሂወት ኢዩ። መብዛሕቶም ፍጡራት ካብ ዘርኢ ተባዕያትይን ኣንስታይን ዓኾኾም፡ ኣብ ማህጸን ድቂ ኮይኖም ተጠኒሶም መድረኽ ብመድረኽ ግዜ እናሓለዉ ካብ ዝነኣሰ ኣሃዱ ናብ ዝዓበየ ኣካላት እናዓበዩ ኢዮም ዝምዕብሉ። ምስተወልዱ ከኣ ደርጃ ብደርጃ ይፍርዝኑ፡ ይዓብዩ፡ ይጉብዙ፡ ይኣርጉ። መወዳእታ ከኣ ካብዛ ዓለም ሞይቶም ይሓልፉ።



ፖሊት ቢሮ ግንባር ኣብ ኣኼባ። ካብ ዝዓርሞሸ ደረጃ ተመሊስካ ናብ ሕንጫልነት ተመሊካ ቃልሲ ከተካይድን ምፍታን ኢ-ስነ-ሞጎት ኢሳያስ ኢዩ።

ኣፈጣጥራ ዋላ እቲ ዝደቐቐ ጽንጽያ እንተተመልኪትና፡ ሞጎታዊ ኣገባብ ምዕባሌ ዝተኸተለ ግዚኡ መድረኽ ብመድረኽ ዝሓለወ ካብ መድረኽ ምላድ እንቋቑሖ ናብ መድረኽ ላርቫነት፡ ካብ ላርቫነት ናብ ቱፓነት፡ ካብ ቱፓነት ድማ ናብ ምሉእ ዝነፍር ጽንጽያ እናበለ ኢዩ፡ ካብ ዝነኣሰ ኣሃዱ ናብቲ ዝለዓለ ዕ ብየት ናይ ዓርሞሸሽነቱ ዝሰጋገር። ኣብ መፈጸመታ ደረጃ ጽንጽያ በጽሒ ነፋሪ ሃመማ ወይ ፔምፖ ተቐይሩ ዝዓርመሸ ፍጥረት ኮይኑ ንዝተወሰነ ግዜ እናተሓምበበ ይነብር። ዓርሙሹ ኣብ ዝሕምበበሉ ዝነበረ ግዜ ድማ ሓድጊ ይገድፍ። ብድሕሪኡ ኸኣ ባይ ባይ፡ ዓወት ንሓፋሽ የብል።

ዝኾነ ዘገምታዊ ታሪኻዊ ከይድታት ሰጊሩ ዝማዕበለ ብረታዊ ፖለቲካዊ ውድብ ወይ ሰውራ ድማ ኣፈጣጥራ ሂወቱ፡ ረፈጥ ኢሉ ድቦላ ዝውለድ ዘይኮነስ፡ ብግዜታትን መድረኻትን ዝተቐየደ ሞጎታዊ ኣገባብ ምዕባሌ ተኸቲሉ ካብ ዝነኣሰ ኣሃዱነቱ ናብቲ ዝለዓለ ዓርሞሸሽነቱ ዝማዕበለ ኮይኑ ንረኽቦ። ኣብቲ ዝለዓለ ናይ ዓርሞሸሽነት ደርጃ ምስ በጽሐ ድማ ታሪኹ የግዴታ ናብ ሓደ ክውንነት ጥራይ ኢዩ ዝድምደም። ወይ ዓርሞሸሽነቱ ተጠቒሙ ንጸላእቱ ደራዒሙ ስልጣን ይጭብጥ ወይ ከኣ ስልጣን ከይጨበጠ ፈሺሉ ዓወት ንሓፋሽ ኣቢሉ ይመውት።

ናይዚ ድሙቕ ኣብነት ህ.ግ.ደ.ፍ. ኢዩ። ክውለድ ከሎ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ተወሊዱ (ፈለማ 70ታት)፡ ቀጺሉ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ (መፋርቕ 70ታት)፡ ዳሓር ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ (መወዳእታ 70ታትን 80ታትን)፡ ኣብ መፈጸምታ ድማ ህዝባዊ ግንባር ዓርሞሸሽነቱ ተጠቒሙ ንጸላኣቱ ደራዒሙ ምሉእ ስልጣን ጨቢጡ ናብ ህግደፍነት ተሰጋገረ (መጀመሪያ 90ታት)።

እዚ ናይ ኢሳያስ ሳሕላዊ ወተሃደራዊ ውጥን ድማ ካብ ምጽዋዕ ንሳሕል ተመሊስካ ብረታዊ ቃልሲ ከተካይድ ምምጓት ኢ-ስነ-መጎታዊ ሓሳብ ኢዩ። ካብቲ እቲ ውድብ ዝዓርሞሸሉ ደርጃ ምዕባሌ ንንየው ህ.ግ.ደ.ፍ. ሓድጊ ኣመሓላሊፉ ይመውት እምበር፣ ህ.ግ.ደ.ፍ. ንባዕሉ ከም እንደገና ካብ እርግና ናብ ሕንጭልና ክምለስ ይኽእል ኢዩ ኢልካ ምምጓት ኢ-ስነ-መጎታዊ ሓሳብ ኢዩ። ኢሳያስ ከኣ ዝተራእዮ ክሓልም ንግደፎ።

## <u>ቁጽሪ 3. ዝምቡዕ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ናይ ኢሳያስ</u>

ካልእ ኢሳያሳውያን ዘይትበልየሎም እምነት፣ ዶግማነት ኣብ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ናይ ቻይና ኢዩ። ቅሩብ ትድፍእ ኣብ ዘብልሉ እዋን ካብ ሰማይ ቦግ ኣቢሎም ኣምጺኦም፣ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ጌርና ኢሎም ይዛረቡ። እዚ ናይ ኢሳያስ ናይ ሕጂ ሳሕላዊ ወተሃደራዊ ውጥን ድማ ኣብ ዶግማነት ዝተመርኮሰ ዝምቡዕ ውጥን ኢዩ። ተኽእሎታት ናይ ተሳዓርነት ኣጸቢቑ ምስተጋህደሉ ዝወጠኖ ሃንደበት ውጥን ብምኳኑ ኢዩ።



መሃንዲስ <u>ስትራተጂካዊ ምንስሓብ ናይ ቻይና</u>፣ ክቡር ማኦ ዘ ዱንግ

እቲ ናይ ድብያዊ ቅዲ ኲናት መሃንዲስ ዝኾነ ክቡር ማኦ ጸ ዱንግ፣ ኣስተምህሮታት ብዛዕባ “<u>ስትራተጂካዊ ምንስሓብ ናይ ቻይና</u>” ክህብ ከሎ፣ ንፉሉይ መድረኽ ኣብ ሰውራ ቻይና ዘጋጠመ፣ ዓቕሚ ናይ ጸላኢ ሰራዊት፣ ብዕጽፍታት ተጠናኺሩ ብርእሰ ተኣማንነትን ብዓቢ ጭካነን ነቲ ናይ ቻይና ሰውራ ክጭፍልቕ ተሃንዲዱ ኣብ ዝመጸሉ እዋን፣ እሞ ምርጫ ፈጺሙ ኣብ ዘይነበረሉ ግዜ፣ ብኣላይነት ማኦን ብጾቱን፣ ቀይሕ ሰራዊት ቻይና ህላውነቱ ንምዕቃብ ዝገበሮ መጠነ ሰፊሕ ናይ ምዝላቕ ጉዕዞታት ነበረ። ካብ ደቡባዊ ምብራቕ ቻይና ተበጊሶም ድማ 12,500 ኪ/ሜተራት ጽንኩራትን ጥውይዋያትን መንገድታት ሰጊሮም ናብ የናን ዘተባህለ ኣዚዩ ምሕዱግ ዝኾነ ደጀናዊ ስፍራ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ቻይና በጽሑ። እቲ ዝተገብረ ናይ ምዝላቕ ጉዕዞ፣ ዓመት ምሉእ ብዘይዕረፍቲ ተኻየደ፣ ኣእላፋት ኣሽሓት ተጋደልቲ ቀይሕ ሰራዊት ብጥምየትን ብሕማምን ብድኻምን ብቑርን ከም ኣቑጽልቲ ርግፍ ዝበልሉ መፈጥሮኦም ዘጽልእሉ ኣሰልካዪ ጉዕዞ ነበረ። ብዙሕ መስዋእቲ ዋላ'ኳ እንተተኸፍለ እቲ ሰውራ ብቐንዱ ካብ ሕሱም ህልቂት ኣብ ኢድ ጨካን ደመኛ ስርዓት ኰሚንታንግ ደሓነ።

እዚ ሕጂ ብኢሳያስ ተወጢኑ ብእንተ ክትግበር ተሓሲቡ ዘሎ ስትራትጂካዊ ምዝላቕ ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ. ምስ ምድሓን ህላውነት ናይ ምክልኻል ሰራዊት ኤርትራ ምንም ምትእስሳር ዘይብሉ መደብ ኢዩ። ከምቲ ናይ ቻይና ሃንደበት ብጸላኢ ዝተጀመረን ምሒር ጭካነ ጸላኢ ዘሰዓቦ ቅዝፈት ዘበገሶ ናይ ምህዳም ኩነታት ዘይኮነስ፣ ኢሳያስ ጽጋብ ሸንዲሕዎ ናይ እንዳማቱ ሃገራት ክበታትንን ጽልእታት ክተኳቱኽን ባዕሉ ዝወለዶ መከራ ኣብ ርእሱ ናይ ሞት ሓደጋ ኣብ ዘንጸላለወሉ እዋን ንሞት ናይ ስርዓቱ ከሽክዓ መታን ዘወጠኖ ናይ ምህዳም ውጥን ኢዩ።

ኣብ ዓለም ከኣ ዘለኣለዋሚ ቃልሲ ኣሎ ወይከኣ ወግሐ ጸብሐ ምዝላኽ ክንገብር ኢና ኢልካ ምሕሳብ ወይ ኣብ ከምኡ ደሪቕካ ምቅጻል ድማ ኢ-ስነ-መጎታዊ ሓሳብ ኢዩ። ኣብ መጨረሻ ሓንቲ ዕጫ ጥራይ ኢኻ ከተልዕል። ወይ ንሓንሳቢ.ትለይ ዃኻልኡት ጉሒፍካ ንሸኻ ምዕዋት ኢዩ። ወይከኣ ንሓንሳቢ.ትለይ ብኻልኡት ተጓሒፍካ ጥርቕም ኢልካ ምጥፋእ ኢዩ።

ፕረሲደንት ሃገረ ኤርትር፣ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ምሕላም ሕልሚ ደርሆ ከም ቀደሙ። ዓለም ድማ ምስ ስነ መጎታ ከም ቀደማ ክትጓዓዝ ኢያ። ግዚኡ ምስ ኣኸለ ድማ ኩሉ ጉድ ኢሳያስ ኣብ ቅድሚ ዓለም ክቃላላዕ ኢዩ። ሳሕል የዝልቕ ኣየዝልቕ ኣብ ዝበጽሖ የብሉን። ኣኽራናት ሳሕል ብዙሕ ነገራት ክሓብኡ ይኽእሉ ኢዮም። ገበናት ኢሳያስ ግን ክሕብእሎም ዝኽእሉ ኣኽራናት የለዉን።

የቐንየለይ

ሃይለ መንገሻ
ቶሮንቶ፣ ካንዳ
ጁን 20፣ 2007

(416) 858 9305
haileokbe@yahoo.com